**ዕላማ ናይቲ ሕጊ ሓለዋ ሕሙማት፣**

ንኣገልግሎት ክንክን-ሕማም ድሕንነታዊ ንምግባር ኮይኑ፣ እዚ ዚግበር ድማ ናባና ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን-ሕማም፣ ልዑል ዝኾነ ጠለብ ብምቕራብ እዩ። ሓደጋ ከየጋጥም ኣቓዲምና ብምክልኻልን፣ ተመኩሮ ሕሙማት ብምእካብን፣ ኣገባብ ኣሰራርሓና ክነመሓይሽ ክንክእል ኢና። ናይቲ ጉድኣትካ መጽናዕቲ፣ ብዝተኻእለ ምሉእ መታን መታን ክኸውን፣ እንተ ትተሓባበረና ብዙሕ መመስገንና። ናትካ ተመኩሮ ዓቢ ትርጉም ዘልዎ እዩ። ርእይቶን ሕቶን ምስ ዚህልወካ፣ ብቐጥታ ክትራኸበና ባህ ይብለና።

ንዓኻ ኣብ ክንክን-ሕማም ጉድኣት ዘጋጠመካ።

እቲ ከጋጥም ዘይግብኦ ዝነበረ ምስ ዘጋጥም፣ ክንሕግዘካን ክንድግፈካን ልዑል ጻዕሪ ኢና ንገብር። ኣብዚ ታሕቲ፣ ብዛዕባ ኣብ ክንክን-ሕማም ንዘጋጥም ጉድኣት ዘሎና ሓላፍነትን፣ ነቲ ብመሰረት "ሕጊ ሓለዋ ሕሙማት" ዘሎካ መሰላትን ክንሕብረካ ኢና።

## በቲ ዘጋጠመካ ጉድኣት ኣዚና ንሓዝን።

ሓላፍነትና ውሑስ ክንክን-ሕማም ምቕራብ'ኳ እንተኾነ ጉድለታትን ጌጋታትን ግን የጋጥሙና እዮም። ሕጂ እንገብሮ ድማ ንዓኻ ብኹሉ ኣገባብ ክንሕብሕበካን፣ ከምኡ ዓይነት ጌጋ ከይድገምን ምጽዓር እዩ። ብቐዳምነት ነቲ ተጎዲኢካዮ ዘሎኻ ግቡእ ሕክምና ክትረክብ እዩ። ብማዕሪኡ ድማ፣ እንታይ ከም ዘጋጠመ መጽናዕቲን ጸብጻብን ብምቕራብ፣ ነቲ ዚውሰድ ናይ መኣረምታ ስጉምቲ ምልላይ እዩ። ናይቲ ዘጋጠመካ ንስኻ ዘሎካ ተሞኩሮ ንዓና ኣዝዩ ኣገዳሲ ብምዃኑ፣ ናይቲ ዝተገብረ መጽናዕቲ ተኻፋሊ ክትከውን ዕዱም ኢኻ። ናይቲ ዘጋጠመ ኩነታት ምሉእ ሓበሬታ ክትረክብ ውን፣ ናትና መዝነት ምዃኑ ንሕብረካ። ንኹሉ ሕቶታትካ ውን ክንምልስ ቅሩባት ኣሎና። ኣብ ዘድሊ ከም ብሓድሽ ምስ ክንክን-ሕማም ርክብ ክትገብር ውን ክንሕግዘካ ኢና። እዚ ክንገብር ንዓና፣ ኣባኻ ዘሎና ሓልዮትን፣ መርኣያ ናይቲ ዘሎና ሞያዊ መዝነትን እዩ።

## ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ዘሎካ መሰላት

### *ጥርዓን ብኸመይ ከም ተቕርብ*

በቲ ዝገበርናዮ መጻንዕቲን ዝወሰድናዮ ስጉምቲን ምስ ዘይትዓግብ፣ ናብ ”Socialstyrelsen” ጥርዓን ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ንጥርዓንካ ዚቕበልን ዚምርምርን ስጉምቲ ዚወስድን እዚ ቤት ስልጣን'ዚ እዩ። እዚ ቤት ስልጣን'ዚ ”Socialstyrelsen”፣ ብውልቒ ንሓደ ናይ ክንክን-ሕማም ሞያዊ ሰብ ክነቅፍን፣ ንሓደ ናይ ክንክን-ሕማም ትካል ውን ስጉምቲ ክወስድ ክጠልቦን ስልጣን ኣለዎ። ንስኻ ኣብቲ መስርሕ ናይ ሕክምና፣ እንታይ ጌጋ ከም ዝተገብረን እቲ ጌገኛ ሰብ መን ምዃኑን ምፍላጥ ኣየድልየካን እዩ። ንስኻ ጥርዓን ምቕራብ ጥራይ ይኣኽለካ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ብዝበለጸ ኣብ socialstyrelsen.se ኣቲኻ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።

### *ካሕሳ ዘውህበካ ኩነታት ይህሉ ይኸውን*

1. **ውሕስነት-ሕሙማት**: ከም ሕሙም መጠን ኣብ ክንክን-ሕማምን ሓለዋ-ጥዕናን ወይ ውን ኣብ ክንክን-ስኒ ጉድኣት ምስ ዘጋጥመካ፣ ብመሰረት ሕጊ መታን ካሕሳ ክትቅበል፣ ናብ ውሕስነት-ሕሙማት ምልክታ ክተእቱ ትኽእል ኢኻ። ጉድኣት ከም ዘጋጠመካ ናይ ጥርዓን ምልክታ ክተእቱ እትውስን ባዕልኻ ኢኻ። ነዚ ንምግባር ሓገዝ ምስ ትደሊ፣ ክንሕብረካ ንኽእል ኢና።
2. **ውሕስነት ሕክምናዊ-መድሓኒታት**: ብዝወሰድካዮ መድሃኒት ገለ ዓይነት ጉድኣት ምስ ዘጋጥመካ፣ ጉዳይካ ተጸኒዑ ክውሰነልካ፣ ምስ ውሕስነት ሕክምናዊ-መድሃኒታት ርክብ ክትገብር ትኽእል። መሰረት ናይ'ዚ ውሕስነት'ዚ፣ እቲ ኣብ መንጎ መድሃኒት ናይ ዘፍርያ ኩባንያታት ኣብ ሃገር ሽወደን ዝተገብረ ስምምዕ እዩ።

*ምስ ኮሚቴ በዓልመዚ ሕሙማት ክርብ ክትገብር ትኽእል*

ምስ ክንክን-ሕማም ርክብ ክትገብር ምስ ዘይትደሊ፣ ብቀጻሊ ውን ናይ ዘይምዕጋብ ኩነታት ምስ ዘጋጥመካ፣ ወይ ሓሳባት ክተቕርብ ምስ ትደሊ፣ ምስ ሓደ ካብቶም ኣብ ዞባ ቨስትራ-ዮታላንድ ዚርከቡ ኣርባዕተ ኮሚቴታት ሰብ-መዚ ሕሙማት፣ ርክብ ክትገብር ትዕደም። ኩሎም ኣብ ኮሚቴ በዓል-መዚ ሕሙማት ዚሰርሑ ሰባት፣ ምስጢር ናይ ምሓዝ ግዴታ ኣለዎም። ብዘይ ናትካ ፍቓድ ውን፣ ንስኻ ዘቕረብካዮ ሓሳባት፣ ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ኣይክእልን እዩ።

## ተመኩሮታትካ ንኻልእ ሰብ ሓገዝ ክህብ ይኽእል

ብክንክን-ሕማም መጕዳእቲ ከጋጥመካ፣ ኣብ ጽንኩርን ተነቃፍን ኩነታት ምህላው እዩ። ይኹንእምበር ብዛዕባ'ቲ ዝተፈጸመ ጉድኣት ንኺግበር ዚድለ መጽናዕቲ ክትካፈል ምኽኣል ኣዝዩ ኣገዳስነት ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ናይቲ ዝተፈጸመ ጉድኣት ናይ ምግጣሙ ኩነታትን፣ ብዛዕባ ዝገበርናልካ ሕክምና ዘሎካ ርእይቶ ምፍላጥን፣ ከመይ ኢሉ ከጋጥም ከም ዝኽኣለ ንምርዳእ፣ ኣዝዩ ደጋፊ ይኸውን እዩ። እቲ ኩነታት ከም ብሓድሽ ንኸየጋጥም ርግጹነት ንምፍጣር ውን ብዙሕ ክሕግዘና ይኽእል እዩ። ከምኡ ብምግባርና ድማ እቲ ክንክን-ሕማም ንኹላትና ውሕስነት ዘለዎ ክንገብሮ ክጠቕመና እዩ።

## ምሳና ርክብ ግበር

ንሕና እዞም ንናትካ ክንክን-ሕማም ሓላፍነት ዝተቐበልና ሰባት፣ ንሕቶታትካ ክንምልስ፣ ሓገዝ ክንውፍየልካ፣ እቲ ዘድልየካ ደገፍ ውን ክግበረልካ፣ ኣብ ጎድንኻ ኣሎና። ምስቲ ናትካ ኮሚቴ በዓል-መዚ ሕሙማት ውን፣ በዚ ዚስዕብ ኣድራሻታት፣ ኣብ ቦሮስ ብ033-17 48 50፣ ኣብ ዮተቦርይ ብ031-63 70 10፣ ኣብ ማሪዬስታድ ብ0501-621 80፣ ኣብ ኡደቫላ ብ0522-67 08 60፣ ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

## ዝይዳ ክትፈልጥዶ ትደሊ?

ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብ 1177.se/vastra-gotaland ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ኣቲኻ፣ ኣብቲ Regler och rättigheter ዚብል ጽቐጥ።

ተወሳኺ